# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ራእይና ብዛዕባ ግደን ሉኣላውነት ህዝብን

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብዘይ ተሳትፎ ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ለውጢ ናይ ስርዓት ይኹን ወይ ምዕባለ ክረጋገጽ ከምዘይኽእል ኢዩ ዝኣምን። ካብዚ ራእይዚ ብምብጋስ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ዘሎ ኵሉ መዳያዊ ፍልልያት፡ ማለት ፖለቲካዊ፡ ኤትኒካዊ ማሕበራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ጾታዊ ፍልልያት፡ ብዘየገድስ፥ ናይ ኵሉ ማዕርነታዊ ተሳትፎ ንምርግጋጽ ይቃለስ። ተሳትፎ ናይ ኵሉ ኤርትራዊ መታን ክረጋገጽ፡ ኣብ መንጎኡ ዝርከብ ኵሉ ዓይነት ፍልልያት፡ ብምጽውዋርን ብምክእኣልን ብፍትሕን ብማዕርነትን ክመሓደር ከምዘለዎ ይርኢ። እዚ ክኸውን እንተደኣኰይኑ ድማ፡ ዝኾነ ይኹን ሽንኽ፡ ናቱ ድልየት ጥራሕ ኣብ ግብሪ ክውዕል ትጽቢት ክገብር ከምዘይ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። ናይ ካልኦት ርእይቶ፡ ናይ ካልኦት ረብሓ ውን ከምዘሎ ምፍላጥን፥ ክሕሎን ክኸብርን ከምዘድሊ ምግንዛብን ንሓድነት ናይቲ ኪዳንን ንሓድነት ህዝብን ኣገዳሲ ቅድመ-ኵነት ኢዩ። ስለዚ፡ እቲ ዕዮ ብሓባር ክዕመም እንተደኣኰይኑ፡ ናይ እንካን ሃባን፡ ናይ ሕድገታትን መንፈስን፥ ኣብ ማእከላዊ ስምምዓት ናይ ምብጻሕ ቅሩብነትን ምህላዉ ኣድላዪነቱ ዕዙዝ ኢዩ። እዚ መንፈስዚ ወይ እዚ ቅሩብነትዚ እንተደኣ በሺሩ፡ እቲ ናይ ኵሉ ተሳትፎ ምርግጋጽን ብሓባር ምስራሕን ዝብል ዕላማ ክውን ንምግባር ፈጺሙ ኣይከኣልን ኢዩ።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ እቲ ዝሰፍሐን ወሳኒ ናይ ለውጢ ሓይልን ዝኾነ ክፋል ናይ ህዝብና ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ከም ዝርከብ ኢዩ ዝርዳእ። ናይ መወዳእታ ወይ ናይ ርሑቕ ዕላማታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ነዚ ህዝቢዚ ካብ ጭቆናን ምልክን ናይቲ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ኣናጋፊካ፡ ዋና ናይ መጻኢ ዕድሉን ዋና ናይ ሃገሩን ንምግባር ኢዩ። ሃገራዊ ዋዕላ ድሕሪ ውድቀት ዲክትታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ውሽጢ ሃገርና ክግበር ዝብል ሓሳብ እምበኣር፡ ንተሳትፎ ናይ ህዝብን ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራን ብምልኣት ንምርግጋጽ ኣብ ዝብል ራእይን ሕልናን እተሰረተ ምኻኑ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። ከምኡ ውን፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንዜናውን ህዝባውን ዕዮ ቀዳምነት ካብ ቀዳምነታቱ ጌይሩ ዝወስዶ ምኽንያት፡ ንናይ ህዝብና ናይ ለውጢ ዓቕሚ ብግቡእ ካብ ምግንዛብ ኢዩ ዝነቕል።

ሃገራዊ ዋዕላ ሕጂ ሕጂ ኣብ ወጻኢ እንተዘይተገይሩ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንህዝቢ ክውክል ኣይኽእልን ኢዩ ዝብል ኣበሃህላ ዝኾነ ይኹን ቅቡል ክገብሮ ዝኽእል መጕት የብሉን። ንሕና፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዝርከብ ህዝብና ብመጕዚትነት ወኪሉ ዕድሉ ክውስነሉ ዝኽእል ሕጋውነት ዝለበሰ ሓይሊ ይኹን ውድብ ወይ ውን ውልቀ-ሰብ ከምዘየለ ኢና ንፈልጥ። ብተወሳኺ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናይቶም ዝኣምንሉን ዝተቐበልዎን ደኣምበር፡ ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ወኪል ኣይኰነን። ከምኡ ኢየ ኢሉ ተዛሪቡ ወይ ሓሲቡ ውን ኣይፈልጥን። ህዝቢ፡ ኣብ ትሕቲ ፍትሓውን ናጻን ዝኾነ ናይ ምርጫ መስርሕ ወከልቱ ባዕሉ ክሳዕ ዘይመረጸ፡ ኣነ ወካሊ ህዝቢ ኢየ ኢሉ ክዛረብ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ቅቡል ኣይኰነን።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘጽደቖ ቻርተር፡ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ እተገብረ ስምምዕ፡ ወይ እተኣተወ ቃል ኪዳን ደኣምበር፤ ኣብ መንጎ ህዝብን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን እተበጽሐ ስምምዕ ኢዩ ዝብል ኣረዳድኣ የብልናን። ብንጹር ኣዘራርባ፡ ቻርተር ናይ ህዝቢ ኤርትራ ቅዋም ኣይኰነን። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ እትረፍዶ ነቲ ብመጋቢት 2005 ዓ.ም ዘጽደቖ ቻርተር፡ ቅዋም ውን እንተኾነ፡ ኣብ ጕዕዞ እናማዕ

በለን እናመተሓየሸን ዝኸይድ ቃል ኪዳን ደኣምበር፣ ዘይቕየርን ዘይልወጥን ካብ ሰማየ-ሰማያት ዝመጸ ሕጊ ገይሩ ተመልኪትዎ ኣይፈልጥን። ስለዝኾነ ድማ፣ ኤርትራውያን ኣብ ልዕሊቲ ቻርተር ዘለዎም ምልክታታት፣ ነቐፌታታት፣ ደገፍ ...ወዘተ ክገልጹ መሰሎም ምዃኑ ይኣምን። ኪዳን፣ ሽሪዓ ተቐቢሉ፣ መሰል ብሄራት ክሳዕ ምግንጻል ኣሚኑ ዝብል ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ወቐሰታት ክገብሩ ግን ፈጺሙ ኣይፈቅድን ኢዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ እተበጽሐ ስምምዓት የለን። እዚ ጕዳይዚ፣ ሓላፍነት ናይ ህዝብን ቅዋምን ምዃኑ ኪዳን ኣጸቢቑ ይፈልጥ ኢዩ።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ውግእ ብዘይካ ህልቂትን ብርሰትን ምዝንባልን ድኽነትን ጥሜትን ካልእ ረብሓ ከምዘይርከቦ ኢዩ ዝፈልጥ። ብውግእ ዝህሰ ህዝቢ ደኣምበር፣ መራሕቲ ከምዘይኮነ ውን ርዱእ ኢዩ። ካብዚ ብምብጋስ፣ ንዝኾነ ይኹን ፍልልያት ብውግእን ንምፍታሕ ዝግበር ተበግሶታት ይኹንን። ናይ ዶብ ይኹን ካልኦት ፍልልያት ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ ክፍታሑ ኢዩ ዝመርጽ። ስለዚ ውን ኢዩ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንብይን ኮሚሽን ዶብ ኣብ ግብሪ ከውዕል፤ እቲ ኣብ መንጐ ክልቲኡ ሃገራት ዘሎ ወጥሪ ድማ ብሰላማዊ ኣገባብ ክፍታሕ ዝጽውዕ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ንመንግስቲ ኤርትራ ንሰላማዊ ዘተ ክጽውዕ እንከሎ ውን፣ ካብዚ መሰረታዊ እምነቱ ብምብጋስ ደኣምበር፣ ጻሕታሪ ግርጭታትን ዓመጸኛን ባህርያት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ስለዝጠፍኦ ኣይኮነን።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

لتحالف الديمقراطي الارتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

ናብ ክቡር ሙሺር ዑመር ኣሕመድ ሓሰን ኣልበሺር
ፕረሲደንት ሪፓብሊካዊት ሱዳን

ክቡር ፕረሲደንት፣ ብቐዳምነት ሕውነታዊ ሰላምታይ ይብጻሕኩም።

ቀጺለ፣ ብስመይን ብስም ኣባላት መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፤ ከምኡ ውን ብስም ኣብ ወጻእን ኣብ ውሽጥን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ብኣጋጣሚ መበል 16 ዓመት፣ ናይቲ ሰላምን ምርግጋእን ዲሞክራስን ኣብ ምርግጋጽ ዓቢ ግደ እተጻወተ ሰውራ ድሕነት ግንባር ዮሃና እናበልኩ፤ ዘሎኒ ኣኽብሮትን መጐሰን ክገልጸን፤ ከምኡ ውን፣ ንህዝብና ዝድግፍ መርገጽኩም ክብ ዝበለ ምስጋናይ ከቕርብን እፈቱ።

ክቡር ፕረሲደንት፣ ፈታዊና ዝኾነ ሓው ህዝቢ ሱዳን፣ ኣብ ትሕቲ ኣመራርሓኹም ሰላምን ርግኣትን ዲሞክራስን ብልጽግናን ክጓናጸፍ ንምነ።

ሑሴን ኸሊፋ

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

30.06.2005

# ትዕዝብትታትና ኣብ ልዕሊ መደረ ኢሳያስ ኣፍወርቂ

ኤርትራ ልምዓታዊ ገስጋስ ኣመዝጊባ ወይ ኣየመዝገበትን ንምባል ዘኽእል ብመንግስቲ ኤርትራ ዝቐርብ ብቝጽርታት እተሰነየ ጸብጻብ (ስታቲስቲክስ) የለን። ከምዚ ዝዓይነቱ ጸብጻብ ዘይምህላው፡ ብዛዕባ ቀጐጠባዊ ሃለዋት ኤርትራ ብልክዕ ንምዝራብ ኣየኽእለን ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ኣብ ሓባራዊ ገምጋምን ሓባራዊ ምርድዳእን ክብጻሕ ኣይከኣለን ኢዩ። ደገፍቲ እቲ ስርዓት፡ ኤርትራ ትለምዕ ኣላ ይብሉ፤ ተቓወምቱ ድማ፡ ኤርትራ ትዓኑ ኢያ ዘላ ክብሉ ይስምዑ። እቲ ጉዳይ ምርድዳእ ዘይብሉ ዕላል ናይ ክልተ ጸማማት ኰይኑ ይተርፍ ማለት ኢዩ። እዚ፡ ህዝቢ ሓደ ኣረዳድኣ ንኪይህልዎ ስርዓት ኢሳያስ ኰነ ኢሉ ዝጥቀመሉ ናይ ምፍልላይ ስልቲ ኢዩ።

ናይ ሎምዘመን መደረ ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ብኣጋጣሚ 14 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ውን፡ ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ዝፍለ ኣይኰነን። ገሊኦም ካብቲ መደረ፡ ኤርትራ ትምዕብል ኣላ ዝብል ተረድኦ ሒዞም ክወጹ ከምዝኽእሉ፤ ገለ ካልኦት ከኣ፡ ኤርትራ ኣብ ጸገም ኢያ ዘላ ዝብል ስምዒት ከሕድረሎም ከምዝኽእል ርዱእ ኢዩ። ሎሚ ውን ከም ትማሊ እቲ መደረ ብፍላይ ድማ ንልምዓት ኣብ ዝምልከት መዳዩ ግልጽነት ዝጐደሎ ኢዩ ነይሩ።

ጽሟቕ ናይ መደርኡ፡ ኵሉ ዝቐየስናዮ መደባት ኣይተተግበረን፡ እንተኾነ ግን፡ ናይ ምትግባር ዓቕሚ ነዲቕና፥ ተመክሮ ደሊብና፥ ተማሂርናን ሞያ ቀሲምናን፥ መኪናን ተክኖሎጂን ኣጠራቒምና፥ ርእሰ-ምትእምማን ደሪዕና፥ ክንዮ ኣድማስ ከነማዕዱ በቒዕና። 2005 ዓ.ም፡ ነጥበ መሰጋገሮ ናብ ምርግጋጽ ቀጐጠባዊ ልምዓት ኢያ ዝብል መብጽዓን ዝሓዘለ ኢዩ ነይሩ።

“ካብቲ ብጕልበት ሰብ ኪግበር ዝተሓለነ መደባት፡ እቲ ዝተቐየሰ ተተግቢሩ ኢዩ። ኣብ ጉዳይ ብማሺነሪ ዝስራሕ ግን፡ ናህሪ ዋጋን ነዳድን ሃሰያታቱ ቀሊል ኣይነበረን” ዝብል ኣበሃህላ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣትኵሮ ክውሃቦ ዝግባእ ጉዳይ ኢዩ። ኣብዚ ዘሎናዮ መዋእል ናይ ተክኖሎጂ፡ ብጕልበት ሰብ ጥራሕ ዝረጋገጽ እሞ ከኣ ዘሐብን ልምዓት ክህሉ ከምዘይክእል ፍሉጥ ኢዩ። እንተልዩ ድማ፡ ከምቲ ኣብ ጊላዊ መዋእል ዝነበረ ኵነታት፡ ኵሉ መሰላት ናይ ህዝቢ ረጊጽካ ዝረጋገጽ ናይ ርኣዩለይ ልምዓት ስለዝኾውን ዘሕብን ኣይኰነን። ፕሮጀክት ዋርሳይ ይካኣሎ፡ ፕሮጀክት ባርነት ኢዩ እተባህለሉ ምኽንያት ድማ እዚ ኢዩ።

ካልእ ኣብ መደረ ኢሳያስ ክትኩረሉ ዝግባእ ኣበሃህላ “ኣብዚ መወዳእታ እዋን ዝተራእየ ናህሪ ዋጋ ነዳዲ፡ ንቐጐጠባ ድኻታት ሃገራት ዝያዳ ረሚስዎ ኢዩ። ኣባና ብሕልፊ ኣብቲ ኣብ ወጻኢ ሸርፊ ዝፈጠሮ ጸቕጢ ደሚርካ ክርኣ እንከሎ ሃሰያታቱ ተዓጻጻፊ ምንባሩን፤ ንዝተፈላለየ መደባት ልምዓት ከምዝጸለወን ዘይስሓት ኢዩ” ዝብል ኢዩ። ካብ “ጉይይ ምውዓል፡ ክሳድ ምሓዝ” እንድዩ ነገሩ፡ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ጸቕጢ ኣብ ዘለወሉ ኵነታት፡ ካብ ደገ ክመጽእ ዝኽእል ኣታዊ ክህሉ ከምዘይክእል ወይ ከምዝንከ ፍሉጥ ኢዩ። ስለዚ፡ ብሓደ ሸነኽ ማሺነሪ ኣጠራቒምና ምባል፡ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ሕጽረታት ነይሩና ምባል ከመይ ኢሉ ክቃዶ ይኽእል?? እቲ ሚሺነሪ በየናይ ሸርፊ ወጻኢ ኢዩ ክግዛእ? ነዚ፡ ናህሪ ነዳዲ እንተደኣ ተወሲኽዎ፡ ቀጐጠባዊ ሃለዋት ህዝብና ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ሓደገኛ ሃለዋት ከምዘሎ ንምርዳእ ኣጸጋሚ ኰይኑ ኣይስምዓናን።

ቀጐጠባ ኤርትራ ኣብ ሕማቕ ደረጃ ምህላዉ ዘመልክት ካልእ ረቛሒ፡ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ነጋዶ ዘዋፍሮ ጸለመታት ኢዮም። ነጋዶ ኤርትራ፡ ኣብ መበል 14 ጽንብል ናጽነት ከይተረፈ ብስስዐን ስርቅን ተኸሲሲም። ነጋዶ ኣብ መንጐ ትካላት

ማእቶትን ዕዳጋታትን ኲይኖም ዘዋስኡ ደኣምበር፡ ነጋዶ ባዕሎም ዘፍርይዎ ማእቶት የብሎምን። ስለዝኾነ፡ ቀረብ እን ተደኣሃልዩ ዋጋ ሃለኽቲ ኣቕሓ ክወርድ ግድን ኢዩ። ቀረብ ብምህላውን ዘይምህላውን ዝኽሰስ ድማ፡ ትካላት ናይ ማእቶትን ናይ ኣታውን ወጻእን ኩባን ያታትን ኢዮም ክኾኑ ዝግባእ። እዞም ትካላት ማእቶት እዚኣቶም ኣብ ኤርትራ ብመንግስቲ ኢዮም ዝውነኑ። ብሕታውያን ነጋዶ፡ ናይ ንግዲ ፍቓዶም ተሓዲጎም ኢዮም። ነጋዶ ቀረብ ኣብ ዝጕደለሉ እዋን፡ ካብ ደገ ሃለኽቲ ኣቕሓ ብምምጻእ ድዩ፡ ወይስ ንሕማቕ ግዜ ክኸውን ኢሎም ዓቕሮምዎ ዝጸንሑ ድዩ፡ ንዕዳጋ ኣቕሪቦም ዝያዳ መኽሰብ ክረኽብሉ ከምዝፍትኑ ፍሉጥ ኢዩ። ስለዚ፡ ቀረብ ብምጕዳል ክኽ ሰስ ዝግብኦ መንግስቲ እምበር ነጋዶ ኣይኮ ኑን። መንግስቲ ኤርትራ እምበኣር ን ነጋዶ ክኽስስ እንከሎ ንህዝቢ ሓልዩ ዘይኮ ነስ፡ ንንግዳዊ ትካላትን ንግዳዊ ንጥፈታትን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቍጽጻሩ ንምእታው ክጥዕሞ ኢሉ ኢዩ። ኢሳያስ፡ ኣብ መደርኡ፡ "ህዝባዊ መጕዓዝያ፡ መንግስ ቲ ንውልቃዊ ኣውፈርቲ ከተባብዓሉ እኳ እንተጸንሐ፡ እቲ ሓልዮት ብኽቱር ስስዐን ንዕቀት ሕግን ህዝቢ ናብ ምብዳል ስለእተጠምዘዘ፤ ምትእትታው መን ግስታዊ ወፍሪ ግድን ኰይኑ ኣሎ" ዝበሎ፡ ንገባቲ ባህርያት ዲክታቶርያዊ ስ ርዓት ኣስመራ ዘረጋግጽ ጭቡጥ ኣብነት ኢዩ።

ፖለቲካዊ መዳይ ናይቲ መደረ ካብቲ ልምዓታዊ መዳይ ንምርዳኡ ዝቐለለ ነበረ። ኢሳያስ፡ ካብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ካብ ዓለም ተነጺሉ ከምዘሎ ንምርዳእ ኣሸጋሪ ኣይ ነበረን። ኣህጕራዊ ማሕበረ ሰብ ብሓፈሻ፡ ሃገራት ምዕራብን ኣመሪካን ድማ ብፍላይ፡ ንኢትዮጵያ ደገፍ የበርክታ ምህላወን፤ ንኢትዮጵያ ዘርየን ንኤርትራ ጸቕጥታት ይገብራላን ደገፍ ይነፍግኣን ከ ምዘለዋ ገሊጹ። ክሳዕ ንመንግስቲ ኢሳያስ ንምብትታን ይሀቅና ከምዘለዋ ውን ጠቒሱ። እዚ ናይ ዕልዋ ክሲ ንካልኣይ ግዚኡ ኢዩ ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ዝሰንዘር ዘሎ። ካብዚ ሓሊፉ ዋላ ነቲ ባዕሉ ጠንቂ ዝኾነ ዋሕዚ መንእሰያት ንስደት ሓላፍ ነቱ ንኣመሪካ ከሰክማ ኢዩ ፈቲኑ። ሕልንኡ፡ ሃገራዊ ስምዒት ኣልዓዒሉ፡ ኣ ብ ስልጣን ዘንብሮ ፖለቲካውን ቍጠባውን ደገፍ ካብ ኤርትራውያን ንምርካብ ምዃኑ ዝስሕቶ ሰብ ዘሎ ኣይመስለናን።

እቲ ዝኸፍኣን ዘሕንኽን ግን፡ ነቲ ፈላሊኻ ግዛእ ዝብል መርሆኡ ሕንኽንኽ ብዘይብሉ ኣገባብ ብጋህዲ ክትግብሮ ምሕላኑ ኢዩ። ዝበዝሑ ኤርትራውያን ክርስትያን ሰዓብቲ ኦርተዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ምዃኖም ዝፍለጥ ኢዩ። ኢሳያስ፡ ብሓደ ሸነኽ ደገፍ ናይ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ወይ ደገፍ ናይቶም ዝበዝሑ ንምኽሳብ፤ ብኻልእ ሸነኽ ምስቶም ሰዓብቲ ካልኦት ንኣሽቱ ሃይማኖታት ክርስትና ዝኾኑ ዜጋታት ን ምግጫውን ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጽሞ ዘሎ ግፍዕታት፡ መሕብኢ ዝኾኖ ሽፋን ን ምርካብን "ንቤተ-ክርስትያን ተዋህዶ ን ምህዳሱን ንምብታኑን" ውዲት ይፍሓስ ከ ምዘሎ ኣምሲሉ ምቕራቡ፡ ብሓቂ ኣብ ሓድነት ናይ ህዝቢ ረብሓ ከምዘይብሉ ብዘየዋላውል ኣገባብ ብቓሉ ኣረጋጊጽዎ ኢዩ። ነዚ ንዘመናት ተጻዋዊሩን ተኸባቢሩን ዝኸይድ ዝነበረ ህዝቢ ንስልጣኑ ክብል ነን ሕድሕዱ ከባልዖ ድሕር ከምዘይብል በዚ መደረዚ ኣግሂዱልና ኢዩ።

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዘስፈርናዮ ትዕዝብትታት እምበኣር፡ ኤርትራ፡ ኣብ ከቢድ ዝኾ ነ ፖለቲካውን ቍጠባውን ማሕበራውን ቅልውላው ተሸኺላ ምህላዋን፤ መደረ ፕረ ሲደንት ኢሳያስ ድማ፡ ዕምሪ ስልጣኑ ን ምንዋሕን ንህዝቢ ንምድንጋርን ከ ፈፊልካ ንምግዛኡን ዝዓለመ ዘይክውንነታዊ መብጽዓታት ዝበዝሖ መደረ ምንባሩ ኢዩ።

ቤት ጽሕፈት ዜና፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስ ያዊ ኪዳን፡ ምስ ሓው መሓመድ ኑር ኣ ሕመድ፡ ኣባል ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ሓላፊ ሕብረተ-ሰብኣዊ ጕዳያት ኣብ ካርቱም ብምርኻብ ብዙሕ ጕዳያት ኣልዒሉ ተዘራሪቡ። ገለ ካብቶም እተዘርበሎም ጕዳያት፡ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራዊ

# ቃለ-መሓትት

## ምስ ስታዝ መሓመድ ኑር ኣሕመድ

## ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተ-ሰብኣዊ ጕዳያት

ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዘካየዶም ንጥፈታትን፤ ስርዓት ኤርትራን ሃለዋቱን፤ ጕዳይ ስደተኛታት፤ ኣብ መወዳእታ ድማ፥ ንኤርትራ ኣመልኪቱ ሚ ኒስተር ወጻኢ ጕዳያት ሱዳን ኣብዚ ቀረባ እዋን ክህቦ እተሰምዐ መግለጽታትን ካልኦት ኣገደስቲ ጕዳያትን ኢዮም። ሓው መሓመድ ኑር ኣሕመድ ዝሃቦ መልስታት፥ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

**1. ንንጥፈታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፤ ንህላዊ ኵነታት ኤርትራን ዝምልከት ሓድሽ ምዕባለታት እንተልዩዶ ምገለጽካልና?**

ኣብ ኤርትራ ዝርአ ዘሎ ምዕባለታት ሓድሽ ኣይኰነን። ኵሉ ዝጸንሐ ኰይኑ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ክደጋገም ጥራሕ ኢዩ ዝርአ። ኵነታት መነባብሮ ከም ኣብነት እንተወሲድና፥ ዋጋ ብቐጻልነት ክንህርን እቶት ሰራሕተኛታት ድማ ኣብቲ ዝነበሮ ደው ክብልን ንምልከት። ከምኡውን፥ ዕብለላ ናይ ፓርቲ ኣብ ኵሉ መዳያት ናይ ቍጠባዊ ንጥፈታት፥ ዋላ ናይ ዝርዝር ንግዲ ከይተረፈ ክረጋገጽን፤ ምስ ንኡስ ርእሰማል ዘለዎም ንኣሽቱ ነጋዶ ክወዳደርን ይርአ ኣሎ። ወርቂ ኣብ ዝርከበሉ ቦታታት ገባር ንዝፈሓርዎ ወርቂ፥ ናብቶም መንግስቲ ዘዋፈሮምን መንግስቲ ዝምውሎምን ኣብ መንጎ ህዝብን ባንክታትን ከም ናይ ርክብ መስኖ ኮይኖም ዝዋስኡ ኣብ ጥሮታ ዝርከቡን ገና ስልጣን ዘለዎምን መኰንናት ኢዮም ዝሸጡሎም። ካብ ግዱድ ዕስክርና ንምምላጥ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም መንእሰያት ናብ ሱዳን ምውሓዝ ይቕጽሉ ኣለዉ። እቲ ምንታይ፥ ዕድመ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዘይፍልጡን መጸኢ ዕድሎም ዘይብሩህን፤ ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ዕድሎም ጸቢብ ወይ ስራሕ ረኺቦም ንድኻታት ስድራቤቶም ክዕንግሉ ዘይክእልሉ ሃለዋት ስለዝነገሰ ኢዩ። ብዛዕባ ጸጥታዊ ኵነታት ብዝምልከት ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናተረረ ክኸይድ ኢዩ ዝርከብ። ኤርትራ ኣብ 5 ወተሃደራዊ ዞናታት (ስርሒታት) ኢያ ተኸፊላ ዘላ። ነፍስወከፍ ዞባ ድማ ሕጊ ይኹን ሕልና ብዘይቅይዶ "ዕዋላ" ጀነራል ኢያ እትምራሕ። እዚ ጀነራልዚ ንዝደለዮ ክኣስር ይኹን ክሃርም ኣኺሉ ዝተርፍ ስልጣን ኣለዎ። ዕብለላ ናይቲ ስርዓትን መጋበርያታቱን ዘረጋግጽ ክሳዕ ዝኾነ ድማ፥ መኒኻ ኢሉ ዝሓቶም የለን። እቶም ሽዱሽተ ናይ ዞባ ኣመሓደርቲ እምበኣር ነቲ ስርዓት ንምጽብባቕ ተባሂሎም እተቐመጡ ደኣምበር፥ ዝኾነ ይኹን ግብራዊ ስልጣን የብሎምን ጥራሕ ዘይኰነስ፤ ንድሌታት ናይቲ ወተሃደራዊ መራሒ ምእዙዛት ክኾኑ ኣለዎም። እንተዘይተማእዚዞም ግን፥ ወይልኦም፥ ከምቲ ንኢብራሂም ቶቲልን ንዑኡ ተኪኡ ዝመጸ ኣልኣሚን ሸኽ ሳልሕን ዘጋጠሞም ንጽባሒቱ ካብ ሓላፍነቶም ክወርዱ ኢዮም። ናይቲ ምስ ኢሳያስ ናይ ቀረባ ዝምድና ዝነበሮ ሙስጣፋ ኑር ሑሴን፥ ብሰንክቲ ምስ ጀነራል ፍሊጶስ፥ ሓላፊ ሰራዊት ዞባ ጋሽ-ሰቲት ዝነበሮ ምፍሕፋሕ፥ ካብ ኣመሓዳሪ ናይ ዞባ 5 (ጋሽ-ሰቲት) ናብ ኣመሓዳሪ ደቡብ ምቕያር ካብዚ እተፈልየ ምኽንያት ኣይክህልዎን ኢዩ።

ኣብ መዳይ ኣገልግሎት፥ ሕክምናዊ ኣገልግሎት እናንቆልቆለ ኢዩ ከይዱ። መባእታዊ ትምህርቲ ኣብ መታሕት ዳርጋ ደው ኢሉ ኢዩ ዘሎ ክበሃል ይከኣል። እዚ ድማ፥ ብሰንኪቲ በስገዳድ ብቋንቋ ኣደ ክመሃሩ ኣለዎም ዝብል፥ እቶም ዋናታቱ ዘይተቐበልዎን፤ ከም መርኣያ ተቓውምኦም

ድማ፣ ደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ክከዱ ስለ ዝኸልከሉን ኢዩ። ኣብዚ እቶም ሕጻናት ኢዮም ግዳይ ኰይኖም። ከምኡውን፣ እቲ ስርዓት ዕብለላኡ ንምርግጋጽ ኣእዳው (ሰለይቲ) ኣብ ነፍስወከፍ ስድራቤት ብምውፋር፣ ወላደን ውሉድን፣ ሰብኣይን ሰበይትን ከይተኣማመኑ ክነብሩ ይገብርን፤ ከምኡ ውን፣ ንተመሳሳሊ ዕላማታት ህዝቢ ኣብ ዝእከበሉ ቦታታት መጋበርያታቱ የዋፍርን።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካብ ዝምስረት ካብ ሰለስተ ኣዋርሕ ንላዕሊ ኣይከውንን ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፣ ትሕተ-ቅርጻኡ ኣብ ምስራዕን ነብሱ ኣብ ምፍላጥን ኢዩ ዝርከብ። ምኽንያቱ፣ ከምቲ ዝብሃል ካብ ባዶ ኢዩ ተበጊሱ። ንጥፈታቱ ብዝምልከት፣ ሓደ ቤት ጽሕፈት ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ ካልኣይ ድማ ኣብ ካርቱም ኣቚሙ ኣሎ። ከምኡ ውን፣ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ዝዋስኣ ምምሕዳራትን ክፍልታትን መስሪቱ ኣሎ። ስለዚ፣ እቲ ስራሕ ጀሚሩ ደኣሉ ዘሎ እምበር ጌና ኣይተዛዘመን። ብተወሳኺ፣ ኣብ ሱዳንን ኣብ ገለገለ ካልኦት ሃገራትን ናይ ኪዳን ጨናፍር ቆይመን ኣለዋ። እዚ ዕማምዚ፣ ኣብ ኵለን ኤርትራውያን ዝነብሩለን ሃገራት ክቕጽል ኢዩ። ኣብዚ እዋንዚ፣ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጕዳያት፣ ሓው ኣሕመድ መሓመድ ናስር፣ ምኽትል ኣቦ መንበር፣ ሓው ኣድሓኖም ገብረማርያምን ኣብ ኣውሮጳን ኣመሪካን ዑደታት ይገብሩ ኣለዉ። ዕላማታት ዑደቶም ድማ፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርነትን ኣረሜንነትን ናይ ስርዓት ኤርትራ ዘሕልፎ ዘሎ ሕማቕ መነባብሮ ንኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ንምግላጽ ኢዩ።

2. ኣብዚ እዋንዚ፣ ለውጢ ካብ ውሽጢ ዝብል ድምጺ ብዝያዳ ይስማዕ ኣሎ። ኣብዚ ጕዳይዚ ዘሎካ ርእይቶ እንታይ ኢዩ? እዚ፣ እቶም ናይ ደገ ሓይልታት ናይ ለውጢ ዓቕሚ የብሎምን ካብ ዝብል ተስፉ ምቍራጽ ድዩ ዝመጽእ ዘሎስ፤ ወይስ ኣብ ውሽጢ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ሓይሊ ብግብሪ ስለእተራእየ ኢዩ?

ኣነ የለን ክብል እኳ እንተዘይደፈርኩ፣ ከምዚ ዝብል ድምጽታት ኣይሰማዕኩን። ግን፣ ካብዚ ድምጽታትዚ ዝፍለ ርእይቶ ውን የብለይን። ምኽንያቱ፣ ናይ ለውጢ ሓይልን መሳርሒታቱን ብመሰረቱ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኢዩ ዘሎ። ስለዚ፣ ነዚ ሓይሊዚ ኢና ክንንቀሳቐስ ዝግብኣና። ቀንዲ ዕማም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ንሱ ኢዩ። ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን፤ ኣባላት እቲ ህዝቢ ንምጭፍላቕ ዝጥቀመሉ ጸጥታዊ ትካልን ልክዕ ከምቲ ካልእ ህዝቢ ሕማቕ መነባብሮ ኢዮም ዘሕልፉ ዘለዉ። ናይ ለውጢ ሓይሊ ዝብሃሉ፣ ተመሃሮ፣ ሰራሕተኛታት፣ ኣብ መንግስታዊ ትካላት ዘገልግሉ ዘለዉ ዜጋታት፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ተራ ዜጋታት ...ወዘተ ኢዮም። ምስዚ ሓይሊዚ ርክብ ምግባርን ምንቅስቓሱን ናይ ግድን ኢዩ። እዚ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኪዳን ተደቂኑ ዘሎ መሰረታዊ ብድሆ።

3. ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ነቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ከም መበገሲ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ዝብል ርእይቶዶ ኣሎካ?

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ምትእኽኻብ ናይ እተፈላለያ ኣብ ትሕቲ ተሓኤ ዝነበራ ውድባት ኢዩ። ስለዚ፣ ገለ ካብዞም ውድባት፣ ምናልባት ካብቲ ሓደ ሰልፋዊ ስርዓት፣ ሓደ ርእይቶ ዝብል ናይ ካልኦት ርእይቶ ዘይቕበል ኣተሓሳስባ ዘይተናገፈ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ሓይሊ ዘለዎ ኢዩ ዝዕብልል ዝብል ካብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎና ኣትሒዙ ክሳዕ መንግስቲ ዝመስረትናሉ እዋን ነጊሱ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ኢዩ። ህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ድማ ውጽኢት ወይ ፍረ ናይዚ ኣተሓሳስ እዚ ኢዩ። እንተኾነ ግን፣ ፖለቲካዊ ውድባት ኣብዚ መድረኽዚ፣ ምናልባት፣ ካብ ባዕላዊ ተመኲሮ ናይ ሰውራ ኤርትራ፣ ወይ ድማ ካብ ተመኲሮ ናይ ካልኦት፣ ብናይ ልዝብን ቋንቋ ኣቢልካ ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ምብጻሕ ዝብል ትምህርቲ ቀሲሞም ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። ምምስራት ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራን ስዓ

-ቡ ዝመጸ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራን፤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ፍረ ወይ ውጽኢት ናይዚ ኣተሓሳስባዚ ኢዩ። ነዚ ተራጋጊጹ ዘሎ ዓወት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ መንጐና ዘሎ ፍልልያት ከነጻብብን፡ ኣብ ሃገራዊ ጕዳያት ጥራሕ ከነማዕዱን፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕ ወይ ድማ ተገዲዱ ኣብ መኣዲ ልዝብ ክኣቱ ንምግባሩን፤ ካብ ኣቲናዮ ዘሎና ዓዘቕቲ ወጺእና ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ከነተኵር ይግብኣና። ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዝምልከት፡ ብዘይ ተሳትፎ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ዝርከብ ህዝብና ክረጋገጽ ኣይክእልን ኢዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ስለዚ፡ እቲ ህጹጽ ፍታሕ ዘድልዮ ጕዳይ፡ ነቲ ዝፍጠር ናይ ስልጣን ባዶነት፡ ከመይ ጌርካ ጸጥታን ርግኣትን ብዘረጋግጽን፤ ልሙድ መንግስታዊ ስርሓት ክቕጽል ብዘኽእልን ኣገባባት ይምላእ ኢዩ። እዚ ውን ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ይጠፍኦ ኢዩ ዝብል ኣረዳድኣ የብለይን። ምሉእ መንግስታዊ ትሕተ-ቅርጻ ድማ ኣሎ። ከም ብሓድሽ ዝጅመር ጕዳይ ኣይኮነን።

ዳግመ-ህንጻ ናይ መንግስታዊ ቅርጻ ብዝምልከት ግን፡ ብመሰረት ህዝቢ ዘጽድቖ ቅዋምን ዝመርጾም ወከልትን፡ ሓላፍነት ናይታ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ናብ ስልጣን እትመጽእ መንግስቲ ኢዩ ኽኸውን። ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ግን፡ እንተደኣ ካልኣት ኣባላት ውድባት ኪዳን ንርእይቶ ናይ ሰልፊ ዲሞክራሲ ተቐቢሎሞ፡ ነቲ መንግስቲ ኣደስኪልዎ ዘሎ ቅዋም፡ ጕድለታት ምህላዉ ርዱእ እኳ እንተኾነ፡ ብመትከል ክትግልገለሉ ይከኣል ኢዩ።

**4. ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን መተካእታ ናይቲ ስርዓት ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ክኸውን ኢዩ ዝብል ግምት እንተደኣ ወሲድና፤ እቲ ኪዳን ዝውንኖም መሳርሕታትን ቅርጻታትን ክሳዕ ክንደይ ንጠለባት ናይቲ መሰጋገሪ መድረኽ ከማልኡ ይኽእሉ ኢልካ ትኣምን? ነዚ ዕማማትዚ ንምስልሳል ብቑዕ ኰይኑ መታን ክርከብ ክገብሮ ዘለዎ ምድላዋትከ እንታይ ኢዩ?**

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን እቲ ኣብ መድረኽ ምስግጋር ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ሓይሊ ኢዩ ኢልካ ሕጂ ምዝራብ ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ድማ፡ ሕጂ ድምጹ ዘይስማዕ፡ ድሓር ግን ኣብ ምውዳቕ ናይቲ ስርዓት ግዲኡ ክጻወት ዝኽእል ሓይሊ ክፍጠር ከምዝኽእል ኣብ ግምት ብምእታው ኢዩ። እዚ፡ እቲ ኣብ ሰራዊት፡ ኣብ ጸጥታዊ ትካላት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ትካላት፡ ኣብ መሰረታት ናይ ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን፡ ኣብ ናይ ፖለቲካ እሱራትን ዝርከብ ናይ ውሽጢ ዝበልናዮ ሓይሊ ወይ ካብኦም ብህይወት ዝተረፈ፡ ወይ ድሕሪ ካብ ማእሰርቲ ምውጻኦ ኣብ ሓፈሻዊ ሃገራዊ ዕማማት ክነጥፍ ዝኽእል ዓቕሚ ዝውንንን ዓበይቲ ዓድን ኢዮ ናይ ለውጢ ሓይልታት ኽኾኑ። ስለዚ፡ በዚ ይኹን በቲ እዚ ሓይሊዚ ክሳተፍ ክኽእል ኣለዎ። ቅርጻ ናይ ኪዳን ብዝምልከት ግን፡ ጌና ኣብ ምምስራት ደረጃ ኢዩ ዝርከብ። በዚ ሕጂ ዘለዎ ኣተሃላልዋ፡ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ጾር ክስከም ዝኽእል ኣይኮነን።

**5. ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ መስራቲ ኣኼባኡ ንጕዳይ ናይ ስደተኛታት ፍሉይ ኣትኵሮ ገይሮሉ ነይሩ። እዚ ውን ኣብ ደምዳሚ መግለጺኡ ብንጹር ሰፊሩ ይርከብ። እንተኾነ ግን፡ ክሳዕ ሕጂ፡ ነዚ ተገዳስነትዚ ዘርኢ ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓስ ኣይርኣናን። ስለዚ፡ ንጕዳይ ስደተኛታት ብዝምልከት እቲ ሓቀኛ መርገጽ እንታይ ኢዩ?**

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ምዝዛም ኣኼባኡ ንስደተኛታት ዝምልከት ኣርባዕተ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉ።

* ንስደተኛታት ዝውክል ኣካል ምቛም፤

* ንጕዳይ ናይቶም ንግዱድ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዝነጸጉ ዜጋታት እትከታተል ኮሚቴ ኽትምስረት ምትብባዕ፤

* ጕዳይ ስደተኛታት ኣብ ናይ ዓለም ማዕከናት ዜና ምቅላሕ፤

* ኰነታት ስደተኛታት፣ ንላዕለዎት ኣካላት ናይቲ ዘአንገዶም ሃገር ምብራህን ምግላጽን።

ናይቲ ቀዳማይ ውሳኔ ኣገዳስነት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ስደተኛታት ናጻ ከ ዑይኖም ኰነታቶም ክገልጹን፤ ድምጾም ነተን ብጕዳይ ስደተኛታት ዝግደሳ ትካላትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበራትን ንምስማዕን መታን ክኽእሉን፡ ቅድሚ ምዝዛም ናይዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓ መት ናይ ስደተኛታት ጕባኤ ክግበር መደብ ኣሎ። ነዚ ንምድላው፡ ማእከላይ ባይቶ ናይ ስደተኛታት ፎርም (ሙልተቓ)፡ ኣብ መጀመርያ ሳምንታትን ናይ ወርሒ ሓምለ 2005 ክእከብ ኢ.ዩ። ንግዱ.ድ ወተሃደራዊ ዕ ስክርና ንዝነጸጉ ብዝምልከት፡ ድሮ ኰ ነታቶም እትከታተል ኮሚቴ መስሪቶም ኣ ለዉ። ኣብ መንጐኦምን ኣብ መንጐ ናይ ስደተኛታት ፎርም (ሙልተቓ) ክህሉ ዝኽእል ዝምድና ድማ ክጽናዕ ኢዩ።

6. ድምጺ ሃገራት ኪዳን ሰንዓ፡ ብፍላይ ድሕርቲ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዝሓለፈ ዓ መት፡ ናይ የመን ፕረሲደንት ኣብ መንጐ ኢ.ትዮጵያን ሱዳንን ብሓደ ሸነኽ፡ ኤርትራ ከኣ በቲ ካልእ ሸነኽ ዘሎ ፍልልያት ን ምፍታሕ ዘኽእል ዝበሎ ርእይቶ ዘቕረበሉ ኣኼባ ካርቱም፤ ድምጸን እናነከየ ዝኸደ ይመስል። ሃገራት ኪዳን ሰንዓ፡ ስርዓት ኤርትራ ዕንቅፋት ናይ ርግኣት ናይ ዞናና ኢ.ዩ ኣብ ዝብል ሓሳብ ሓደ እመነት ዘለወን ኰይኑዶ ይስምዓካ?

ኣብ ደቡብ ቶከር፡ ኣብ ዳሎብያይ ኣብ እተባህለ ቦታ እተኻየደ ኲናት፡ ብጥይት ሰራዊት ኤርትራ እተቐትለ የመናዊ ገፋፍ ዓሳ፡ ነቲ ኣብ መንጐ ኤርትራን ጐረባብታን ዘሎ ዝምድና ንምምሕያሽ ዝግበር ኣሎ ዝብሃል ጻዕርታት ናቱ ሳዕ ቤናት ክህልዎ ምኽኑ ርዱእ ኢ.ዩ። ፍረ ናይዚ ጻዕርታትዚ ንምርኣይ ነዊሕ ግዜ ከ ድሊ ኢ.ዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ሽግር፡ ባህርያት ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኢ.ዩ። ምስ ፍሕፉ ናይ ዲሞክራሲ ኣብቲ ዞናን ምርግጋጽ ርግኣትን ንቀጻልነት ስርዓት ኤርትራ ኣብ ስልጣን ሓደጋ ኢ.ዩ። ስለዚ፡ ድምጺ ኣባላት መንግስታት ኪዳን ሰንዓ ክቕህም ጀሚሩ ኢ.ልካ ምዝራብ ኣይከኣልን ኢ.ዩ። ምኽንያቱ፡ ስቕታ፡ ኰነታት ናይቲ ዞና ባህርያዊ መገዱ ሒዙ ይጓዓዝን እቲ ዝምድናታት ድማ ይመሓይሽ ኣሎን ኢ.ዩ ዘስምዕ። እዚ ከኣ ብግብሪ የለን። ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ጋዜጣታት ሱዳን ከነንብቦ ዝጸናሕና ጕዳያት፥ ሚኒስተር ወጻኢ. ጕዳያት ሱዳን፡ ዶክተር ሙስጣፋ እስማዒ.ል ናብ ባይቶ ጸጥታ ዘቕረቦ ንኤርትራ ዝምልከት ክሲ፥ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ጀ ዚራ ኣብ መንጐ ሚኒስተር ወጻኢ. ጕዳያት ኤርትራን ሚኒስተር ወጻኢ. ጕዳያት ሱዳንን እተኻየደ ምዝንጣላት፤ መሓመድ ዑመር ማሕሙድ፡ ዋና ኣካያዲ ናይ ማእከላይ ምብራቕን ናይ ሰሜን ኣ ፍሪቃን ጠረጴዛ፡ ኣብ ጀዚራ ጸረ ግንባር ድሕነት ሱዳን ዝገበሮ ህጁም፡ ኣዕሩኽተይ ናብ ስልጣን የምርሑ ስለዘለዉ፡ ን መግለጺ.ታት ናይ ሙስጣፋ ዑስማን እስ ማዒ.ል ዋጋ ኣይህቦን ኢየ ዝብል ህጁም፡ ምምሕያሽ ናይ ዝምድናታት ከምዘየለ ኢ.ዩ ዘብርህ።

ንዝምድና ኤርትራን የመንን ብዝምልከት ከኣ፡ ፕረሲደንት ዓሊ ዓብደላ ሳልሕ፡ ምስ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣብ ዝገበሮ ናይ ተለፎን ዝርርብ፡ እቲ እተቐትለ የመናዊ ወተሃደር ንክሊ ማያት ኤርትራ ስለዝጠሓ ሰ ኢ.ዩ ዝብል ብኤርትራ ዝቐረበ ምኽኒት ከምዝኸሶነኖ ኣልጀዚራ ሓቢ.ራ። ከምኡ ውን፡ ፕረሲደንት ዓሊ ዓብደላ ሳልሕ፡ ን ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ እቲ ገፋፍ ዓሳ ዝፈጸሞ ጥሕሰት እንተደኣ ነይሩ፡ ምርመራ ክግበረሉ ይከኣል ነይሩ። ናብ ምቕታሉን ጃልባኡ ምዝማትን ዘብጽሕ ጕዳይ ከኣ ኣ ይነበረን ኢ.ሉ ከም እተዛረበ፡ እተፈላለያ ናይ ዜና ማዕከናት ኣቃሊ.ሐን።

ዝምድና ኤርትራን ኢ.ትዮጵያን ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ ዘለዎ ኢ.ዩ ጋም ማን ዝብል ዘሎ። ዝኾነ ይኹን እተራእየ ናይ ዝምድናታት ምምሕያሽ የለን። ካብዚ ከ

ኣሉዚ፣ ስርዓት ኢሳያስ፡ ሃገራት ኪዳን ሰንዓ ፣ ንኢሳያስ ከም ጠንቂ ናይ ዘይምርግጋእን ከም ዕንቅፋት ናይ ልምዓት ፕሮጀክትታትን ጌረን ከምዝርድእኦ ን ምግምጋም ይከኣል።

7. ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን ኣብ መወዳእታ ናይ ወርሒ ሰነ 2005፣ ትዕግስቲ ሱዳን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተወዲኡ ኢዩ፣ ስርዓት ኤርትራ ብሓዊ ይጻወት ኣሎ፣ እዚ ሓዊዚ ከይዱ ከይዱ ኣጻብዑ ከንድዶ ኢዩ፣ ዝብል መግለጺ ምሃቡ ዝዝከር ኢዩ። እንታይ ኢዩ እቲ ከምዚ ንምባል ዘብጽሐ ጭብጥታት?

ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን ኣብ ዝሓለፈ ሰነ ኢሳያስ ብሓዊ ይጻወት ኣሎ ዝበሎ፤ ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ሱዳን ቅድሚ ዓመት ዝበሎ ኢዩ። እዚ ከኣ፣ ሱዳን መልሲ ንስርዓት ኤርትራ ንምሃብ ዘኽእል እኹል ብረት ኣለዎ ማለት ኢዩ። እዚ ብረትዚ እንታይ ኢዩ ዓይነቱ፣ መንግስቲ ሱዳን ነዚ ብረትዚ ከመይ ኢዩ ክጥቀመሉ ካብኡ ንላዕሊ ክፈልጥ ዝኽእል ኣካል የለን። እቲ መልእኽቲ ግን፣ ሱዳን ከም ኣድላዪነቱን ከም ኩነታቱን መልሲ ክህብ ምኽኑ ብሩህ ኢዩ።

9. ሰልፊ ዲሞክራሲ ኣብ ኣብ ካርቱም ዘካየዶ ዲሕረዋይ ኣኼባኡ እንታይ ሓድሽ ነገር ኣለዎ?

ውጻኢት ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ፣ ኣብ ናይቲ ሰልፍን ናይ ካልኦት ኤርትራውያን ናይ ኢንተርነት መርበባት ሰፊሩ ኣሎ። ንዕኡ ምርኣይ ይከኣል ኢዩ።

## ብብድዐ እተቛሰለት ልዑላውነት

ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ፡ ጽሓፊ ገዛኢ ሰልፊ ህግዲፍ፣ ብዛዕባ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዝምልከት ብወኪል ሱዳናዊት ጋዜጣ ኣልራኢ ኣልዓም" ኣብ ኣስመራ ንዝቐረበሉ ሕቶ፣ "ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ካብ ቀዳምነታት እንህቦ ጉዳያት ኣይኮነን" ክብል ኣፉ መሊኡ መሊሱ።

ብዛዕባ ፖለቲካዊ ፓርትታት ምስ ተሓተ ድማ፣ ኣብ ዝነብሮ ዘሎ ህልው ኩነት፣ ዘዕግብ መልሲ ክረክብ ከምዘይክእል ስለእተረድኦ፣ ብዛዕባ ቅድሚ ስሳ ዓመት፣ ኣብ ኣርብዓታት፣ ኣብ መዋእል ርእሰ-ውሳኔ ዝነበራ ሰልፍታት፣ ካብ ሃገራውን ገስጋሲ ሊበራላውን ሰልፊ ጀሚሩ ክሳዕ ራቢጣ ኣልእስላምያን ማሕበር ኣንድነትን ብምርጫ ዝመጸ ፓርላማን ...ወዘተ በብሓደ ዘርዚሩ ኣቕረበላ። ወኪል ጋዜጣ ኣልራኢ ኣልዓም ብዝተዋህባ መልሲ ስለዘይዓገበት ሎሚኸ እዘን ሰልፍታት እዚኣተን ኣበይ ኣለዋ ብምባል ደጊማ ሕቶኣ ኣቕረበትሉ። ንሱ ውን፣ ስርዓት ኣስመራ፣ ብፖለቲካዊ ብዙሕነትን ብዲሞክራስን ከምዝኣምንን፤ ጸረ ናይ ሓደ ሰልፊ ስርዓት፣ ዋላ ጸረ ሰልፊ ህግዲፍ ዝዕብልሎ ስርዓት ምዃኑ ንምርግጋጽ፣ ኣብ ባይታ ዘየለ ናቱ ጥሙሓትን እምነታትን ክገልጽ ፈተነ። በዚ፣ ኣቶ ኣልኣሚን፣ ስርዓት ኣስመራ ብሓደ ሰልፊ ዝምራሕ መሳኺ ስርዓት ምዃኑ ተኣሚኑ። ዲሞክራሲ ድማ ትምኒት ጥራሕ ኮይኑ ከምዝተረፈ ኣሚኑ። መንቀሊ ናይዚ ኩሉ ሃለውለው፣ ኣካል ናይቲ ስርዓት ኢሳያስ ጸረ ኢትዮጵያ ዘካይዶ ዘሎ ዘይእውጅ ውግእ ኢዩ።

እዚ ብኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ኣብ ላዕሊ እተዋህበ መልስታት ካልእ ብዙሕ ሕቶታት ዘልዓዕል ኢዩ። ንኣብነት፣ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ውግእ ምህላዉ፣ ከመይ ገይሩ ኢዩ ንሰብኣዊ መሰላት ምግሃስ ቅቡል ምኽኒት ኸኸውን ዝኽእል? ሃገራዊ ልዑላውነት ኤርትራ ምክልኻልን፣ ንኤርትራዊ ዜጋ ምብዳልን ሰብኣዊ

መሰላቱ ምግፋፍን እንታይ ዘዛምድ ዝንተ-መጐታዊ ምትእስሳር ኣለዎ? እቲ ዝፍጸም ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታት፣ ብስርዓት ኢሳያስ ክፍጸም እንክሎን፤ ወይ ዝኾነ ይኹን ካልእ ባዕዳዊ ስርዓት ክፍጽሞ እንክሎን እንታይ ኢዩ ፍልልዩ? ብስርዓቱ ወይ ብደቁ እተጨቈነን መሰላቱ እተጋህሰን እተዋረደን ህዝቢ ከመይ ገይሩ ኢዩ ንልዑላውነት ናይ ሃገሩ ክከላኸል ትጽቢት ዝግበረሉ?!!!

ብሰንኪ ፖሊሲታት ስርዓት ኣልኣሚንን መራሒኡን፣ በሽሓት ዝቝጸሩ መንእሰያት ናብ ጐረባብቲ ሃገራት እናውሓዙ፤ ብዓሰርታት ዝቝጸሩ ዲፕሎማስየኛታት መደቦም ራሕሪሖም ዑቕባ እናሓተቱ እንከለዉ፣ ከመይ ገይሩ ኢዩ ንምክልኻል ናይዛ ብብደዐኡ እተቛሰለት ልዑላውነት ዘብቅዕ ምቹእ ሃዋህው ክፍጠር ዝከኣል? ከመይ ጌርና ኢናኸ፣ ከምቲ እቲ ስርዓት ዝብሎ ታህዲዳት ናይ ኢትዮጵያ ዘስዓቦ ንቡር ህድማታት ኢዩ ኢልና ክንቅበሎ?

ንኣልኣሚንን ስርዓቱን ህድማ ናይ መንእሰያት ኰነ ዑቕባ ምሕታት ናይ ዲፕሎማሰኛታት ንቡር ጕዳይ ኢዩ። ሰብኣዊ መሰላት ምግሃስ ድማ ኣዝዩ ጽቡቕ ነገር ኢዩ። ብኣርኣእያኡን ብኣርኣእያ ስርዓቱን እዚ ተርእዮታትዚ ኣብ ኵሉ ሃገራት ዓለም ዘጋጥም ተርእዮ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፣ ንኣቶ ኣልኣሚን ንቡር ጕዳይ ኢዩ እኳ እንተበልና፤ ኣቶ ኣልኣሚንን ኢሳያስ ኣፍወርቂን ክምልስዋ ዘለዎም፣ ልዑላውነት ሃገርከ ዝከላኸላ ሰብ ኣየድልያን ድዩ? እትብል ናይ መወዳእታ ሕቶ ግን ኣላትና።

እዛ፣ ስርዓት ኤርትራ ንዜጋታቱ ዘሳጕጐላ ዘሎ ምክልኻል ልዑላውነት ሃገር እትብል ምስምስ፣ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕን፥ ካልኦት ከይወዳደርዎ ንምብራርን፥ ዝጥቀመላ መሳርሒ ኢያ። በዚ ኣቢሉ ድማ፣ ንኤርትራ ናብ ውሑዳት፣ ብዘይካ ረብሓታቶምን ስልጣኖምን ካልእ ዘየገድሶም ሲቪላውያንን ወተሃደራውያን መጋበርያታቱ ዝህብትሙላ ኩባንያ ቀይርዋ። ስለዚ፣ ልዑላውነት እትብል ቃል ነቲ ዝተረፈ ህዝቢ ኤርትራ ንምትላል ዝጥቀመላ መሳርሒ ደኣምበር ካልእ ትርጕም የብላን። ልዑላውነት፣ ክበሃል እንክሎ እምበኣር፣ ብቕዳምነት ኣብ ትሕቲ ንጹር ክሊ ዝርከብ ህዝብን ኣውራጃታትን ስልጣንን ቅዋምን ዘጠቓልል ደውላ ማለት ኢዩ። ንሳቶም ከኣ ኢዮም ንልዑላውነት ዝከላኸሉላ። ትርጕም ናይ ልዑላውነት ኣብ ስልጣን ጥራሕ እንተደኣ ተሓጺሩ ግን፣ ልዑላውነት ዘይኮነስ፥ ጭቆናን ዲክታቶርነትን ኢዩ ዝሰፍን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኵነታት ስልጣን ብግዝኣተ-ሕጊ ዘይምእዘዝ ውልቀ-ሰብ ኢዩ ዝውንን። ህዝቢ ድማ ብፍርሒ ኢዩ ዝግዛእ። በዚ ዓይነት ምምሕዳርዚ ዝረብሕ ህዝቢ ዘይኮነስ ውሑዳት ውልቀ-ሰባትን ጕጅለታትን ኢዮም። ስለዚ፣ እታ ብስማ ኣብ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰላት ዝርገጸላ ዘሎ ልዑልውነት፣ ንዓፈናን ዲክታቶርነትን ናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ንምሽፋን እትቐርብ ምስምስ ጥራሕ ኢያ።

ህዝቢ ኤርትራ እምበኣርከስ፣ ነዚ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ቀዳምነታት ኣይህቦን ኢየ እናበለ ወግሐ-ጸብሐ ዝግዕር ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምቅዋምን፤ ንምውዳቑ ቃልስታቱ ምኽዕባትን፤ ኣብ ክንድኡ ድማ፣ መሰላት ደቂ ሰባት ዝኽበረላ፥ ኵሉ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ሰልፍታትን ዝወዳደረላ፤ ህዝቢ ድማ ብናጻ ድሌቱ መንግስቱ ዝመርጸላ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል እንተዘይኮይኑ ካልእ ምርጫ የብሉን። እቲ ዝድለ ዘሎ ስርዓት፣ ህዝብን መራሕትን ብሓደ ሕጊ ዝግዝእሉን፣ ድሌት ገዛእቲ ዘይኮነስ፣ ልዑላውነት ሕጊ ዝነግሰሉን ስርዓት ኢዩ።

# ዜናዊ ጸብጻብ

## ኪዳናዊ ንጥፈታት

### 1. ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምስ ካድራትን ዓበይቲ ዓድን

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ሓው ሑሴን ኸሊፋ፡ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት፡ 90 ዝኾኑ ካድራት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ከሰላ ኣኪቡ፥ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ዞናናን ኣብ ኣውሮጳን ኣመሪካን ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ከምኡ ውን፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጽሞ ዘሎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ብዝርዝር ኣረዲኡ።

ቀጺሉ፡ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ምስ ዝርከቡ ዓበይቲ ዓድን ነጋዶን መራሕቲ ሃይማኖትን ብዕለት 3 ሰነ 2005 ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ፡ ህልዊ ኵነታት ሃገርናን ዕላማታት ኤርትራዊ ኢሞክራስያዊ ኪዳንን ን ጥፈታቱን ድሕሪ ምግላጽ ንስቅያት ንይ ህዝብና ንምሕጻር ግዲኦም ክጻወቱ ጸውዓ ቱ ኣቕሪቡ። ካብ ኣኼበኛታት ዝቐረበ ርእይቶታትን ለበዋታትን ድማ ተቐ- ቢሉ። ንሕቶታቶም ድማ፡ ግቡእ መልስ ታት ሂቡ። ብተወሳኺ ሓው ሑሴን ኸሊፋ፡ ብተለቢኸሮንን ረድዮን ንህዝቢ ኤርትራን ኣ ገዳሲ መልእኽቲ ከምዘመሓላልፈ ካብቲ ቦታ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

### 2. ዑደት ልኡኽ ኢ.ድ.ኪ. ኣብ ሆላንድ

ሓላፊ ወጻኢ ዝምድናታት ኤ.ዲ.ኪ ተጋ/ ኣሕመድ መሓመድ ናስር፡ ብ11.06.2005 ኣብ ሆላንድ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣ ካይዱ። ብዘይካ'ቲ ምስ ሰበ-ስልጣን ወጻኢ ጉዳያት ሆላንድ ዝገበሮ ወግዓዊ ርክብ፣ ኣ ብ ሆላንድ ምስ ዝርከቡ ወከልቲ ጨናፍር ኣባለ-ውድባት ኤዲኪ ብፍላይ፡ ምስ ህዝቢ ድማ ብሓፈሻ፡ ሰፊሕን ስሉጥን ዝኾነ ርክባት ኣካይዱ።

#### ሀ. ርክብ ምስ ወከልቲ ጨናፍር ውድባት

ብመጀመርያ ሓው ኣሕመድ ናስር ካብ ሰዓት 10.00 ጀሚሩ ምስ ወከልቲ ጨናፍር ኣባለ-ውድባት ኤዲኪ ናይ፣

* ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ.)

* ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሃገራዊ ጉባኤ (ተ.ሓ.ኤ-ሃ.ጉ)

* ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ (ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባ)

* ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ (ህዲግኤ)

* ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ (ህምኤ)

* ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ (ሰዲኤ)

ኣገዳሲ ኣኼባ ገበረ። ኣብ'ዚ ኣኼባ እዚ ተጋ/ ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኪዳን ዘተኣታተዎን ዝተለሞን ኣገባብ ኣሰራርሓ ድሕሪ ምብራህ፣ ጨናፍር ናይ'ተን ኣባለ-ውድባት ተወዲቦም ክሰርሑ መታን ናይ ውደባ ዕማማት ዝሓዘ ሰነድ ንወከልቲ ጨናፍር ውድባት ኣረኪቡ፣ ኣፍራይን ስ ራሓት ንክሰላስሉ ድማ ተማሕጺኑ።

#### ለ. ህዝባዊ ኣኼባ

ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ፡ ብኤ.ዲ.ኪ. ድሕሪ ምትካኡ፡ ተጋ/ኣሕመድ መሓመድ

ናስር፡ ካብ መሪሕነት ኪዳን ንመጀመርያ ግዜ ንሆላንድ ዑደት ዘካየደ ብምንባሩ፡ ንከኣነታትን ትሕዝቶን ኪዳን ብቐረባ ንምርዳእ ኣዝዩ ብርኩት ዝኾነ ቀጥጽሪ ተሳታፊ ተረኺቡ። ተሳተፍቲ ኣኼባ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ሆላንድ ዝመጹ ኽኾኑ ከለዉ፣ ኣባላት ናይ'ተን ዝተጠቕሳ ውድባትን ብኩነታት ሃገሮም ዝሻቐሉን ዝግደሱን ዘይተወደቡ ዜጋታት ነበሩ።

ኣብ ቅድሚኹም ኲይኑ መግለጺ ክህብ ከለኹ፡ ንውድበይ ወኪለ ዘይኮነስ፥ ኻኹለን እተን ኣብ ትሕቲ ኤዲኪ ተጠርኒፈን ዘለዋ 16 ውድባት ወኪለ ኢየ ብምባል ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉድያት ዘረብኡ ጀመረ። ቀጺሉ፡ ብዛዕባ ኣቓቕማ ኪዳን ኣመልኪቱ፡ ኪዳን ብሃንደበት ዝመጸ ዘይኮነስ ብድኻም፣ ብጻዕሪ፣ ብቓልሲ፣ ነዊሕ ግዜ ዝበልዐ ዘተን ምርድዳእን ናይ ኩለን ኣባል-ውድባት ድሕሪ ምክያድ ዝተረጋገጸ ግንባር ምዃኑ ሓበረ። እዚ ኪዳን'ዚ ብኸምዚ ዓይነት ውደባ ኻኽቐውምን ኻኽሰርሕን ብኣባል-ውድባቱ ወለንታዊ ድልየትን ዕግበትን እምበር ብናይ ዝኾነ-ይኹን ኣካል ተጽዕኖ ወይ ድፍኢት ኣይኮነን ኢሉ። ምስ'ዚ ኣተሓሒዙ ዝተፈላለያ ውድባት ዝተፈላለየ እምንቶን ኣረኣእያን ዘለወን ኣብ ሓደ ጽላል (ኪዳን) ተጠርኒፈን ክሰርሓ ምብቕዐን ንህዝብና ብስራት ኽኸውን ከሎ፣ ናይ ምድምማጽን ምክእኣልን ዘተኣታተወ ምዕቡል ኣገባብ ኣሰራርሓ ኣብ ታሪኽ ናይ ኤርትራዊ ፖሊቲካ ምዃኑ ገሊጹ።

ናብ ህዝቢ ተዘርጊሑ ዘሎ ሰነዳት ከም ቻርተር፣ ውሽጣዊ ሕጊ ወዘተ ኣመልኪቱ ድማ፡ ንኣባላት ኪዳን ዝኾና ውድባት ዝጠመረን ብሓባር ክሰርሓሉ ተባሂሉ ዝቖሙ ሰነዳት ደኣ እምበር ብምንም ዓይነት ንህዝቢ ኤርትራ ወኪሉ ዝተገብረ ወይ ከምቲ ገለ ክእምትዎ ዝፍትኑ ንህዝቢ ብምግዳድ ኣመንጊግካ ክትግበር ዘለዎ መደብ ኣይኮነን። እዚ ናይ ኪዳን ጥራሕ እዩ። ይኹን እምበር እዚ ሓሳባት እዚ ሒዙ ኪዳን ምስ ህዝቡ ክሰርሕን ክረድእን ክነጥፍን እዩ። እቲ ናይ መጠረስታ ውሳኔ ግን ናይ ህዝብና ድምጺ እዩ በለ። ኪዳን ክተርርን ክምዕብልን ናይ ኩልና ተራ እዩ። ብተሳትፎና ሰነዳት ይኹን ኣገባብ ኣሰራርሓ ኪዳን ከነማሓይሾን ከነማዕብሎን ከምዘለና ውን ኣተሓሳሲቡ። ሰነዳት ኪዳን መጽሓፍ ቅዱስ ይኹን ወይ ቁርኣን ስለ ዘይኮነ በብግዜኡ ክመሓየሽ ከምዝኽእል ኣረዲኡ።

ኣስዒቡ፡ ንህልው ኩነታት ሃገርና ኣለሊና፡ ንኣብ ሃገርና ተደኩኑ ዘሎ ኢደ-ወነናዊ ስርዓት ኣልጊስና ብህዝብና ዝተመርጸ ስርዓት ንምትካእ፡ ዕቱብ ቃልሲ ስለ ዝሓተና ኩልና ክንሳተፎ ይግባእ በለ። ብፍላይ ምሁራት ኤርትራውያን፡ ሃገርና ካብ ዘላቶ ሕማቕ ኩነታት ናብ ኣዝዩ ዝኸፍኣ መድረኽ ከይተንቈልቁል፡ መጻኢት ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉ ናይ መነባብሮ ሸነኻት ብኸመይ ክትምራሕን ክትመሓደርን ከምዘለዋ በብሞያኦም መጽናዕትታት ከካይዱን ናብ ቃልሲ ክቀዳደሙን መጸዋዕታ ኣቕረበ።

መግለጺኡ ብምቕጻል፡ ህዝብና ዘመናት ዝወሰደ ውግእን ዕግርግርን ስለዘሕለፈን ምእንቲ ሰላምን ነጻነትን ብልጽግናን መሪር ቃልሲ ዘካየደን፡ ከቢድ መስዋእቲ ዝከፈለን ስለዝኾነ፤ ምስ ጐረባብቱ ብሰላም ክነብር ኢዩ ድሌቱ። ስለዚ፡ ኣብ ናይ ሕድሕድ ምክብባርን ጥቕምን ዝተመርኮሰ፡ ግን ከኣ፡ ኣብ ናይ ውሽጣዊ ጉዳይ ሕድሕድ ጣልቃ ምትእትታው ዘየፍቅድ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ምስ ጐረባብትና ይኹና ምስ ካልኦት መንግስትት ዓለም ምድልዳል ከድልየና እዩ። ኪዳን ከኣ ነዚ ክዉን ኻኽገብር እዩ ዝቃለስ ዘሎ በለ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኪዳን ልሉይ ዝኾነ ንጥፈታት ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ኣመሪካን ኣውሮጳዊ ሕብረትን ከካይድ ይርከ ኣሎ። ከም'ዚ ዝዓይነት ስርሓት ክትርንዕን ክምዕብልን ተሳትፎን ምትብባዕን ናይ ኩሎም ዜጋታት ኣድላዪ እዩ ጥራሕ ዘይኮነስ መሰረታዊ ባእታ እዩ'ውን በለ።

ኣብዚ እንሓልፎ ዘለና ታሪኻዊ ህሞት'ዚ ጸገም ኤርትራ ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ሽለል ኢልካ ክስገር ዘይከኣል ሕቶ ስደተኛታት ግን ኣሎ። ብሰንኪ ውልቀ-ዊንታዊ ውሳኔታትን ፖሊሲታትን ብሓፈሽኡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነብር ህዝብና ንዓጸባ ተሳጢሑን ከምኡ'ውን ኩሉ ሰብኣዊ መሰላቱ ተሓሪሙን ኣሎ። ብኻልእ ሸነኽ ገዳይም ስደተኛታት ንሃገሮም ምምላስስ ይትረፍ፣ እዚ ስርዓት'ዚ ብሓፈሻ ኤርትራ ሰብ ክነብረላ ከም ዘይትባሃግ እንዳገበረ፡ ብፍላይ ከኣ ንመንእሰያትና ብክፉእ ፖሊሲታቱ የሳቕዮም ስለ ዘሎ፡ ከም ተካእቲ መጠን ታሪኻዊ ሓላፍነቶም ኽሽይርከቡ ሃገር ጠንጢኖም ከም ዝባረሩን ንዳግማይ ስደት ከምዝሳጥሑን፤ ኣብ ፈቖድኡ ሃገራት ኣይትምህርቲ ኣይስራሕ ዘርምዘርሞ ኩይኖም ክተርፉን ይገብር ኣሎ። ነዚ ተረኽቦታትን ተርእዮታትን'ዚ ክንቅልብስን ክንእርምን ቃልስና ክኻዕብት ይግብኣና በለ።

ድሕሪ'ዚ ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ምስ ተኸፈተ፣ ተኻፈልቲ ኣኼባ ሕቶታቶምን ስክፍታቶምን ኣቕረቡ። ገለ ካብቶም ዝቐረቡ ሕቶታት፣

- ናይ ጥቕሚ ይኹን ናይ ስራሕ ምትእትታው ስለ ዘይተርፍ፣ ናይ ኪዳን ናይ ውደባ ስራሕን ናይ ውድባት ውደባዊ ዕዮን ብኸመይ ክዛመድ እዩ? ብዛዕባ'ዚ ዝተገበረ መጽናዕቲ ኣሎዶ?
- ባህሪያት ዝምድናታትና ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ኣብ ምንታይ ዝተመርኰሰ እዩ?
- መተካእታ እዚ ስርዓት'ዚ መን'ዩ? እንታይ እንታይከ ከማልእ ኣለዎ? እዞም ኣብ ኪዳን ተጠሚሮም ዘለዉ ውድባት ጥራሕ ድዮም ነብሰም ከምተካእቲ ተሓጺዮም ዘለዉ?

ኪዳን ኣትኒክ ይኹን ሃይማኖታዊ ፖሊቲካ ዝኣምኑ ውድባት ከይተረፉ ሓቑፉ ዘሎ ኣካል እዩ። ስለ'ዚ ብኸመይ ኣገባብ እዩ ዝለዓለ ደውላ ክትከልን ክረጋገጽን ዝኽእል?

ሓላፊ ናይ ወጻኢ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጕዳያት ኪዳን ሰፊሕን ኣዕጋብን መልስታት ሂቡ። ኣብ መጨረሽታ ብተሳተፍቲ ለበዋታት ድሕሪ ምቕራብ ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ።

### 3. ዑደት ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ለንደን

ታጋ/ ኣሕመድ ናስር ብዕለት 17 ሰነ 2005 ንወከልቲ ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ለንደን ኣኼባ ጌሩ ኣምሲዩ። ኣብዚ ፍሉይ ኣኼባ እዚ ሓድሽ ሓበሬታን ምዕብልናታትን ኤርትራዊ ዴሞክራሲያዊ ኪዳን ብሰፊሑ ድሕሪ ምሃቡ ኣብዚ እዋን እዚ ኩለን ዞባታትን ጨንፈራትን ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዳግመ ስርርዕ ጌረን ውደባታተን ከጠናኽራሉ መታን ክኸእላ ካብ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ጉዳያት ዝተላእኸ ሓድሽ መምርሒ ሂቡ።

ብዘይካ እዚ ካብ ወከልቲ ውድባት ዝቐረበሉ ሕቶታት መልሲ ብምሃብ ንዝተቐበሎ ለበዋታትን መተሓሳሰቢታትን ብምምዝጋብ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ከቕርብን ንምትግባሩ ክሰርሕን ምዃኑ ኣተኣማሚኑ።

ዕለት 18 ሰነ 2005 ምስ ወከልቲ ውድባትን፡ ኣባላት ቦርድ ኤርትራውያን ንሰብኣዊ መሰላትን፡ ኣባላት ስኒትን ኣብ ዝተረኽቡሉ መጋባእያ፡ ኤርትራዊ ዴሞክራሲያዊ ኪዳን ኣመሰራርትኡን ብሓደ ሸነኽ፡ ካብ ዝሓለፈ ምሕዝነት ብኸመይ ከም ዝፍለ ከኣ ብኻልእ ሸነኽ ድሕሪ ምብራህ ኤርትራዊ ዴሞክራሲያዊ ኪዳን ብሩህ ቀጻልነቱ ንምርግጋጽ ክሳብ ሕጂ ኣተኣታትይዎ ዘሎ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ብሰፊሑ ገሊጹ።

ልዕሊ ኩሉ ከኣ ኣብዚ ሃገርና ኣብ ዝኸፍኤ ኩነታት ኣትያትሉ ዘላ እዋን፡ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ይኹን ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዉ ምእንቲ ፍትሕን ዲሞክራስን ዝቃለሱ ኤርትራውያን ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ምትሕብባሮም ከደልድሉ ጸዊዑ። እዚ ዘለናዮ መድረኽ ናይ ነንሕድሕድካ ምፍርራድ ዘይኮነስ ብሓደ ኢድ ኩንካ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ምውዳቕ

ከም ቀዳማይ ዕላማ ወሲድካ ድሕሪኡ ኣብ ነጻን ዴሞክራሲያውን ውድድር ዝተመስረተ መንግስቲ ምምስራትን ሰላማዊ ናይ ስልጣን ምቅብባልን ንምእትታው ኣብ ዝግበር ቃልሲ ከኣ ኩሉ በብእምነቱ ብሰላማውን ዴሞክራሲያውን መንገዲ ክወዳደር ምግባር ም'ዃኑ ኣብሪሁ። ብድሕሪ እዚ ካብ ተጋባእቲ ዝቐረበሉ ሕቶታት ብምምላስ ለበዋታትን መተሓሳሰቢታትን መዝጊቡ።

ኣቐዲሙ ብዝተሓበረ መሰረት ናይ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ናይ ወጻኢ ጉዳያት ሓላፊ ተጋ/ ኣሕመድ ናስር ብዕለት 19 ሰነ 2005 ኣብ ለንደን ሰፊሕ ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዱ።

እዚ ብዝኸረ ሰማእታት ዝተጀመረ ካብ ለንደንን ካብ ካልእ ከተማታትን ዝመጹ ልዕሊ ሚእትን ሓሙሳን ዝኾኑ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ፡ ካብ ሰዓት 3:00 ክሳብ ሰዓት 7:00 ድ፡ቀ፡ ዝቐጸለ ኔሩ። ትሕዝቶኡ ድማ ኣብ ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገርና ኤርትራን ኣብ ምዕብልናታት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳንን ዘተኮረ ኔሩ።

ተጋ/ ኣሕመድ ናስር፡ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ነቲ ብህዝቢ ክምረጽ እንደልዮ ስርዓት መንገዲ ዝጸርግ እምበር ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ንባዕሉ መተካእታ ናይ ህግደፍ ክኸውን ከምዘይደልን ክኸውን ከምዘይክእልን ኣብሪሁ።

እዚ ክሳብ ሕጂ 16 ዝተፈላለየ እምነት ዘለወን ውድባት ዝጠርነፈ ኪዳን ምስቲ ኩሉ ኣብ ምምስራቱን ኣብ ቀጻልነቱን ከጋጥም ዝኽእል ሕልኽልኻት፡ ንቐጻልነቱን ንምዕብልናታቱን ዘገልግሉ ተሞክሮታት እውን ይጠርዩ ምህላዎም ኣብሪሁ። ቀንዲ ውሕስነት ናይ ቀጻልነቱ ከኣ ተሳትፎ ናይ ህዝቢ ም'ዃኑ ብምብራህ ህዝቢ ብፍላይ ከኣ መናእሰይ ሃገራዊ ሓላፍነቶም ክስከሙን መተካእታ ናይዚ እናኣረገ ዝኸይድ ዘሎ ካብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ኣትሒዙ ክጋደልን ክመርሕን ዝጸንሔ ኣካል ክኾኑ ጸዊዑ።

ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ኣመሰራርትኡ ናይ ጎረባብቲ ሃገራት ኢድ ኤርዎዶ ንዝብል ሕቶ ክምልስ ከሎ ከኣ፡ ተጋ/ ኣሕመድ ናስር ውድባት ኤርትራ እቲ ዝጸንሓአ ናይ ምንጽጻግ መዋእል ብዘይካ ክሳራ ካልእ ዘምጽኣለን መኸሰብ ከምዘየለ ብግብሪ ስለዝረኣያ ካብ ናይ ገዛእ ርእሰን ዘጥረያአ ንቕሓት እምበር ብናይ ደገ ሓይልታት ዝተዋህበን ጸጋ ከምዘይም'ዃኑ ድሕሪ ምብራህ እተን ነዚ ዓቢ ሃገራዊ ዕማም እዚ ንምግባር ዝተሓባበሩና ሰለስተ ሃገራት የመን፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ ኣመስጊኑ።

ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን በዚ ኣተኣታትይዎ ዘሎ ሓድሽ መምርሕን ኣካይዳን፡ ውድባት ኣብ ሕድሕደን ምትእምማን ከጥርያን ናይ ሓባር ስራሓት ከዘውትራን ዝገብር ኣብ ርእሲ ም'ዃኑ፡ ምስቶም ኣብ ውሽጢ ኪዳን ዘየለዉ ውድባትን ማሕበራትን ከኣ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ዝምድናታቱ ዘጠናኸረሉ ኩነታት ከም ዝፍጠር ኣረጋጊጹ። ኣብ መደምደምታ ድማ ካብ ህዝቢ ዝቀረበሉ ሕቶታት ብምምላስ ለበዋታትን መተሓሳሰቢታትን ኣመዝጊቡ ናይቲ ኣኼባ ፍጻሜ ኮነ።

4. ጨናፍር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ቀይመን

ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ጉዳያት፣ ሓው መሓመድ ባህር ሸንገብ፣ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ወርሒ ሰነ 2005 ኣብ ካርቱም፣ ገዳርፍ፣ ከሰላ፣ ፖርትሱዳን ዑደት ኣካይዱ። ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ጉዳያት ኣብ ዑደቱ፣ ብወከልቲ ተቓወምቲ ውድባት ዝቖማ ጨናፍር ኣብ ኣርባዕቲኤን ከተማታት መስሪቱ። ኣብ ርእሲዚ፣ ጨናፍር ዝመሓደርሉ ውሽጣዊ ሕግን፤ ብፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝጸደቐ መድረኻዊ ናይ ጨናፍር ዕማማትን ዝንጽር መምርሒታት ሂቡ።

## ሱዳን

1. ኢድ ምትእትታው ስርዓት ኢሳያስ

ቦታውን ኣህጕራውን ወቓሳታት ኣኸቲሉ

ናይ መሬትን ባሕርን ኣየርን ሰራዊት ሱዳን ኣብ ተጠንቀቕ ከምዘሎ ተፈሊጡ። ነዚ ብዝምልከት፡ ከንቲባ ቶከር፡ ኣሰይድ ሱሌማን ኣልከንዚ፡ ስርዓት ኢሳያስ ንመስርሕ ሰላም ሱዳን ንምትዕንቃጽ ኢድ ምትእትታው ይገብር ኣሎ ዝብል ካብ ኣመሓዳሪ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ቅድም ክብል ቀሪቡ ዝነበረ ክሲ ደጊሙ ኣረጋጊጽዎ። ከንቲባ ቶከር፡ ኣብ ደሎብያይ ኣብ ዝብሃል ቦታ ኣብ ዝገበሮ ብጽሖት፡ እቲ ኣብ ካይሮ ኣብ መንጎ መንግስትን ተቓወምቲ ውድባትን (ተጀሙዕ) ሱዳን እተበጽሐ ስምምዕ ንስርዓት ኢሳያስ ከምዘየሐጐሶ ገሊጹ። ከምኡ ውን፡ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ንወራር ስርዓት ኢሳያስ ንምምካት እኹል ምድላዋት ገይሩ ከምዘሎ ሓቢሩ።

መንግስቲ ኤርትራ ውን፡ ንተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ደገፍ ከምእትህብ ዝሃበቶ ኣሉታ የለን። ብኣንጻሩ፡ ተሓጋጋዚ ሚኒስተር ዜና፡ ኣቶ ዓሊ ዓብዱ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንሙእተመር በጃን ንኣልእሱድ ኣልሑራን ንተቓወምቲ ውድባት ዳርፉርን ፖለቲካውን ሞራላውን ደገፋት ከምዝገብር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ተኣሚኑ።

ኣብ ኣህጕራዊ መዳይ ድማ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ በቲ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ኣምባሳደራ ኣቢላ፡ ኤርትራ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ሱዳን እትገብሮ ዘላ ምትእትታው ደው ከተብል ተማሕጺና። ምኽትል ወጻኢ ዝምድናታት ኣመሪካ ሚስተር ሮብርት ዞይለክ፡ ምስ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን ኣሰይድ ሙስጣፋ እስማዒል ብዕለት 24.06.2005 ኣብ ዋሺንግተን ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፤ መንግስቲ ኣመሪካ ንኤርትራ ኣብ ሱዳን እትገብሮ ዘላ ምትእትታው ደው ከተብልን፤ ከምኡ ውን፡ ነቶም ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝንቀሳቐሱ ተቓወምቲ ነቲ ኣብ ምብራቕ ዘሎ ተሃዋሲ ኩነታት ንኽይፍንጀርዎን ኣጠንቂቑ ክብል ኣሰይድ ኸድር ሃሮን፡ ኣስፈጻሚ ጉዳያት ኣምባሲ ሱዳን ኣብ ኣመሪካ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣልራኢ ኣል ዓም እተባህለት ናይ ሱዳን ጋዜጣ ኣብ ናይ ዕለት 25.06.2005 ሕታማ ኣስፈራቶ ኣላ።

ረድዮ ቢቢሲ፡ ብ24 ሰነ 2005 ምስ ኣመሓዳሪ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ጀነራል ሓትም ኣልወሲላ ኣብ ዝገበረቶ ቃለ-መሓትት፡ ናይ ስርዓት ኤርትራ ምትእትታው ዘረጋግጽ እንታይ ጭብጢ ኣለኩም ንዝብል ሕቶ ክምልስ እንከሎ፡ “ስርዓት ኢሳያስ ንመስርሕ ሰላምን፥ ፖለቲካዊ ሓይልታት ሱዳን ንዝሰማምዕሉ ፍትሓትን፥ ክዓናቅጽ ካብ ዝጀምር ነዊሕ እዋን ኢዩ ኰይኑ” ኢሉ። ተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ድማ ኣብ ሱዳን ዘይኰነስ፡ ኣብ ውሽጢ መሬት ኤርትራ ከምዝርከቡን፤ ካብኡ ተበጊሶም መጥቃዕትታት ከምዝፍጽሙን ኣረጋጊጹ። ቀጺሉ፡ እቲ ኣብ ደሎብያይ፡ ደቡብ ቶከር መጥቃዕቲ ዝፈጸመ ተቓዋሚ ሓይሊ፡ ካብ ውሽጢ ኤርትራ ብመኻይን ላንድክሩዘር ተጻዒኑን፥ ብኻልእ ሎጂስቲካዊ ሓገዛትን ተሰንዩን ኢዩ መጺኡ ኢሉ። “መንግስቲ ሱዳን በቲ ስርዓት ኣስመራ ኣብ ልዕሊኡ ዝፍጽሞ ዘሎ ወራራት ትዕግስቱ ወዲኡ ኢዩ። መንግስቲ ሱዳን ነዚ ምትኽኻታኽኡዚ መልሲ ንምሃብ ኣብ ክብ ዝብል ናይ ተጠንቀቕ ኵነታት ኢዩ ዝርከብ” ክብል ኣመሓዳሪ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ኣረጋጊጹ።

ኣቦ መንበር ኮሚቴ ጸጥታን ምክልኻልን ኣብ ፓርላማ ሱዳን፡ ኣልዓሚድ ሕጉጊ መሓመድ በኺት፡ ንምብራቓዊ ዶባት ሱዳን ካብ ዝኾነ ይኹን ግዳማዊ ወራር ንምክልኻል ዘኽእል መደብ ዕዮ ክዳሎ ጸዊዑ። ንሱ፡ ንመደበር ኣገልግሎት ዜና ሱዳን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እታ ኮሚቴ ንምብራቓዊ ዶብ ንምክልኻል ዘኽእል ለበዋታት ከተቕርብ ምዃናን፤ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ሰበ-ስልጣን ጸጥታን ሰበ-ስልጣን ሰራዊትን ናብ ዶብ ተላኢኾም ምህላዎምን ገሊጹ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ጭቃ ቀቢላ ሃደንድዋ፡ ኣሰይድ መሓመድ ኣልኣሚን ትርክ፡ ምስቶም ኣብ ምብራቕ ብረት ዓጢቖም ዘለዉ ተቓወምቲ ዘተ ዝካየደሉ ቦታ ንምውሳን ብሸኾም ዕቱብ ጻዕርታት ይካየድ ምህላዉን፤ እተን ዘተ ክካይደለን ኢሉ ዝኣምነለን ከተማታት፡

ካይሮን ጅዳን ደውሓን ምኺነን ኣሚቱ።

## 2. ሱዳን፡ ብወግዒ ንኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራትን ባይቶን ጸጥታን ከሲሳ

ኣሰይድ ሙስጣፋ ዑስማን እስማዒል፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን፡ ብዕለት 26.06.2005 ምስ ዋና ጽሓፊ ሕቡራት ሃገራት፡ ኩፊ ዓናንን፤ ምስ ፈረንሳዊ ኣቦ መንበር ባይቶ ጸጥታን ተራኺቡ፡ ክሲ መንግስቲ ሱዳን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብወግዒ ኣቕሪቡ። ነቲ ንጸጥታ ናይቲ ዞባ ብሓፈሻ፡ ንጸጥታ ናይ ሱዳን ድማ ብፍላይ ንምዝራግ ስርዓት ኤርትራ ዝገብሮ ዘላ ዘይሓላፍነታዊ ወስታታት ደረት ክገብርሉ ጠሊቡ። ከምኡ ውን፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ናይቲ ኣብ ሱዳን ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ሰላም ሓላፍነት ክስከምን ንስርዓት ኤርትራ ከልዝቡን ንኣዕናዊ ግዴታቱ ደው ከብሉን ጸዊዑ። ቀጺሉ፡ ኢሳያስ ብሓዊ ምጽዋት ደው እንተዘይኣቢሉ፡ ኣጸብዑ ክነድድ ኢዩ ኢሉ።

# ኣውሮጳ

## ጉዕዞ እግሪ ካብ ጀነቫ ናብ ሮማ

ሳሙኤል ገብረገርግስን ተኽለ ገብረገርግስን እተባህሉ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተሓለቕቲ መንእሰያት ኢዮም። ዓሚ፡ ምስ ገለገለ ኤርትራውያን ኰይኖም ካብ ጀርመን ክሳዕ ብሩሰልስ 640 ኪ.ሚ ዝኸውን ርሕቀት ብእግሪ ተጓዒዞም ምስቶም ኣብ ከተማ ብሩሰልስ ሰላማዊ ሰልፊ ክገብሩ ካብ ኵሉ ኵርናዓት ናይ ኣውሮጳ ዝመጹ ኤርትራውያን ተጸንቢሮም ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ተቓውሞኦም ገሊጾም ምንባሮም ዝዝከር ኢዩ። ሎሚ ድማ፡ ነቲ ዓሚ ዝገበርዎ ጉዕዞ ብምቕጻል፡ ስርዓት ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ዝፍጸም ዘሎ ኢሰብኣዊ ተግባራት ድማ ብፍላይ፡ ተቓውሞኦም ንምግላጽ ካብ ከተማ ጀነቫ ስዊዘርላንድ ክሳዕ ከተማ ሮማ፡ ዓዲ ጣልያን፡ ናይ ልዕሊ 1200 ኪሜ ናይ እግሪ ጉዕዞ ብ15 ሰነ 2005 ጀሚሮም ኣለዉ። ናይዚ ጉዕዞዚ ሓላፍነት ተሰኪሙ ዘካይዶ ዘሎ ኤርትራውያን ንሰላምን ዲሞክራስን ኣብ ስዊዘርላንድ እተባህለ ሲቪካዊ ማሕበር ኢዩ። እዚ ማሕበርዚ፡ ንሳሙኤልን ንተኽለን ቅድሚ ጉዕዞኦም ምጅማሮም ምስ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ጀነቫ፡ ምስ ወከልቲ ሕቡራት ሃገራት፡ ምስ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት፡ ምስ ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ...ወዘተ ንክራኸቡን ዕላማኦም ክገልጹን ተሓባቢሩዎም ኢዩ።

ኣብ ጉዕዞም ንዕላማ ሰላማዊ ሰልፎም ዝገልጽ ወረቓቕቲ እናዘርግሑን ክታም ናይ ደገፍ እናኣከቡን ክሰዱ ምዃኖም ውን ተፈሊጡ ኣሎ። ጽሑፋቶምን ዝኣከብዎ ክታማትን ንጳጳስ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያንን ካልኦት ማሕበራትን ከቕርብዎ ኢዮም። ተጓዓዝቲ ካብ ጀነቫ ክብገሱ ከለዉ፡ ገለገለ ኤርትራውያን ንምትብባዖም ኢሎም ክሳዕ 10 ኪሚ ዝኸውን ሓቢሮም ምስኦም ከም እተጓዕዙ ካብ ስዊዘርላንድ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረጋግጽ።

ኤ.ዲ.ኪ በዚ ኣጋጣሚዚ፡ ነዞም ስቅያትን ኣውያትን ናይ ህዝቦም ናብ ዓለም ንምብጻሕ ናይ እግሪ ጉዕዞ ዝገብሩ ዘለዉ ክልተ ኣሕዋት ምሉእ ደገፉ ይገልጽ። ጉዕዞኦም ዕዉት ክኸውን ድማ ይምነ። ኣብ ርእሲዚ፡ ነዚ ጉዕዞዚ ዕዉት ንምግባር እተሓባበርዎም ኤርትራውያን ወጻእተኛታትን ውልቀ-ሰባትን ማሕበራትን የመጉስ። ኵሉ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ነቲ ዝጠልብዎ ዘለዉ ናይ ክታም ደገፍ ክገብር ድማ ይጽውዕ።